# ንበገስ ኤሪስፖራ፡ ማርሻ ንቓይረላ ንኤርትራ ብወፍሪ ብሓበራ!

*መንግስቲ ኤርትራ፡ ሕድሪ ሰዉኣቱ ከይረስዐ፡ ማሕበረዊ ፍትሒ ንምንጋስ ኣዝዩ ዘቕስን ምዕባሌ ይፍጽም ከምዘሎ፡ ጸላእቲ'ውን ዘይክሕድዎ ባዕሉ ዚዛረብ ሓቂ'ዩ።* ***ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝቕመጡን ዝተሃምሹን ዜጋታት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ረኺቦም ጥዕንኦም ኪሕሎ፡ ኵሉ ኪመሃር፡ ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ኪሰቲ፡ ኤለክትሪክ ኪጥቀም ኣጣጢሑ ዘሐብን ስራሓት ፈጺሙ'ሎ።*** ***ብዘይካ'ዚ መጠነ ሞት ኣደታት ኣብ ጊዜ ሕርሲ ኪንኪ፡ ሞት ህጻናት ኪጐድል ሕማም ዓሶን ፖልዮን ወዘተ... ኣብ ቁጽጽር ኪኣትዉ፥ ኣብ መጎዓዝያ ካብን ናብን ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ዘራኽቡ ጽርግያታት ብምህናጽ ምዕባሌታት ኣመዝጊቡ'ሎ።*** *ኣብ ውልዶ ዕድሚኡ፡ ብርእሰ-ምርኰሳን ብድጋፍ ሓፋሽ ህዝቡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ጥራይ፡ ንኣልማሲ ሓገዝ ምዕራባውያን ከይተጸበየ፡ ቅያታት ምፍጻሙ ከኣ፡ ጭቁናት ህዝቢ ኣፍሪቃ ብቕንኢ፡ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ግን ብጽልኢ ይጥመትዎ'ለዉ። ከንዮዚ'ሞ መንግስቲ ንህዝቡ እንታይ ዘይገበረ? እንታይ ኢዩ'ኸ ሓጥያቱ? ወዮ ደኣ ዓለም ሓሳዊት ኰይና'ምበር፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ በጃ ሓፋሽ ህዝቡ መስዋእቲ ዚኸፍል መንግስቲ፡ ወቐሳ ዘይኰነ ድጋፍን ምትብባዕን'ዩ ዚግብኦ። ስለዚ ኤርትራውያን ኣይንተሃመል። ምዕራባውያን ኣብ ቱኒዝያ፡ ግብጺ፡ ሊብያ፡ ሶማልያ፡ ሶርያን ማሊን ዚፍጽሙዎ ዕንወታት ኣይንረስዕ። ሕልሞም ድማ፡ ንዕዉት ፖሊሲ ርእሰ'ኻ ምኽኣል ዓንቂፎም፡ ተበጊሶ ንዘሎ ወፍሪ ኤርትራ ብኤርትራውያን ከፍሽሉ'ዩ። ስለዚ፡ ሃሱሳትን ከዳዓትን ዓሲቦም ሸርሒ ካብ ምፍጣር ኣይከቑጠቡን'ዮም።*

*ካብዚ ቀጺሉ ዝመጽእ ኣገዳሲ ጕዳይ ከኣ፥ እሞ ንድሕነት ናይ'ዛ ካብ ሰዉኣትና ብሕድሪ ዝተረከብናያ ሓላል መሬት፡ ካብ ኵልና ዜጋታታ፡ ብፍላይ ድማ ካብዞም ኣብ ወጻኢ እንቕመጥ ኤርትራውያን እንታይ ይጥለብ? ዚብል ሕቶ'ዩ። ልክዕ! ሃገርና ኵሉ'ቲ ዘኽስብ ወፍርታት ኣብ ኢድ ኤርትራውያን ንኺኣቱ ዘድሊ መንገዲ ኣጣጢሓ፥* ***"እንተኽኢልኩም ናይ ባዕልኹም ትካላት ብምምስራት፡ ዓቕሚ ዝውሕደኩም እንተኾይኑ ድማ ብማሕበር ተጠርኒፍኩም ንእስ ዝበላ ትካላት ብምፍጣር፡ ካብኡ ብዝተረፈ ካብ ኣኽሰብቲ ትካላት ብርከታት ብምግዛእ፡ ንምዕባሌ ሃገርኩምን ቍጠባዊ ዕቤትኩምን ከተውፍሩ ብኽብሪ ትዕደሙ ኣለኹም!"*** *ትብለና'ላ። ነዚ ቅዱስ ሃገራዊ መጸዋዕታ ከኣ፡ ኵልና ብልቢ ተቐቢልና እወንታውን ግብራውን መልሲ ክንህቦ ይግባእ። ልክዕ ከምቲ፡ ወያነ ወራር ምስ ፈነወልና ኵልና ከቲትና መኪትና ሃገር ዘድሓንና፤ ሕጂ'ውን፡* ***ነዚ ብሰብ ፍሉይ ረብሓን ዕሱባቶምን ዚፍነወልና ዘሎ ጸረ ወፍሪ ሸርሕታት፥ ብስሙር ተበግሶ ንወፍሪ ኣፍሺልና ዳግማይ ቅያ ክንፍጽም ይግባእ።*** *ከመይሲ፡ ኤርትራዊ ወፍሪ'ዩ ንምተር ልምዓት ሃገርና ዝያዳ ሓይሊ ሂቡን ስራሓት ፈጢሩን ከሐምብቦ ዚኽእል። ንሱ'ዩ ኸኣ፡ ንደመኛታት ጸላእትና ተስፋ ኣቝሪጹ፡ ንኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ማዕረ ዓለማ ዚሰርዓ። ስለዚ፡* ***ኵልና ኤሪስፖራ፡ ሃየ ሕጂ ንበገስ ንወፍሪ ብሓባራ፡ ዝለዓለ ማርሻ ክንቅይረላ ንኤርትራ!!!***

*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !* *መትከል ኣስመሮም ሸወደን።*